## ምስ ዝሰማማዓካ ሓቢርካ ምስራሕ
## ሓላልምበር ሓራም ኣይኮነን
ብተስፋማርያም ወ/ጊዮርጊስ ኖርወይ 26/08/06

ነውሪ ኣይኮነን ምስ ጎረበት ሃገር እንተተራኸቡ
ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ኣጥርዮም ንሰላም ክላዘቡ
ወይ ስርሑ ወይ ኣስርሕዎም ካብ እንቃዓ ትዛረቡ
ቅዱስ ዕላማዩ ተመስሪቱ ዘሎ ተማሂሩ ኣሰሮም ሳዓቡ

ወያኔ ረኺቡዎም እናበልኩም ተሓለቕቲ ንኸተምስሉ
ቅርሕንቲ ፈጢርኩም ንህዝቢ ሓሶት ኣይተቃባብሉ
ወያኔዩ ጸላኢኻ ምባል ገዲፍኩም ንቑብነገር ተለዓሉ
ረሲዕክሞ ዲኹም ኣ.ኣበባ ከድኩም ሓሸውየ ክትብሉ

ተረሲዑ ድዩ ሻዕብያ ዝገበሮ ምስ ወያኔ ኮይኖም
ንተጋደልቲ ጀብሃ ተሻሪኾም ብሓባር ክወቕዕዎም
ከይፈተዉ ደም እናጣዓሞም ንሱዳን ኢድ ሂቦም
ስለምንታይ ድኣ ደቀይ ሽዑ ዓገብ ዘይበልኩሞም
ህግደፍ ዝገበሮ ሓላል ውድባት ዝስዕቦኦ ከኣ ሓራም
ክብረተ ውሻዩ ሓቁ እናፈለጥካ ኣብ ሓሶት ምስላም

ሎሚ ህግደፍ እግሪ ንኸተክል ሃንቆው ንኽማሓየሽ
ወለድና ካብ መቓብሮም ክትንስኡ ምጽባይ ይሓይሽ
ጎብዬ ማራቶን ምልኣኹ ይቐልል ዋንጫ ሒዙ ክምለስ
ኣይሰማዕናን ዝሞተ ሰብ ኣብ መቓብሩ ኮይኑ ከስተንፍስ
ህግደፍ መስበርቲ ኣይኮነን ሕማሙ ተጠጊኑ ከይፍወስ
ዘይሓዊ ሕማምዩ ሒዝዎ ዘሎ ዝገደደ ካብ ኤይድስ

ሎሚ መሪርዎ ዝብል ዘሎ ንስማዕ ልማዱ ምስ ሰኣነ
ዋይ ኣነግዲ ሓንቲ ደርፊይ ኣርእስታ ወያኔ ወያኔ
ዓንተር ናይ ኣፍሪቃ ክሸውን ዝሓሰብኩ ህዝቢ ጨኩነ
ኣይብላዕ ኣይስተ ኮይነ ተሪፈ ተናዒቐ ተፈንፊነ
ድርቅና ስድነተይ በዚሑ ካብ ዓለም ተነጺለ ተኾኒነ
ኣብ መዋጽኦ ዘይብሉ ሽግር ተጠቢሰ ባዕለይ ተዓፊነ
ዓማዊለይውን ጎሪሖም ሎምስ ቁሊሕ ዝብለኒ ስኢነ
እናበለ እዩ ዝግዕር ዘሎ

ምሉእ ዓወት ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ኩልኽን ንቕድሚት ሃገራውያን ውድባት ኤርትራ
ህዝብኽን ክርህዎ ብቕንዕና ተስኣ ብሓባር ስመራ
ኣብ ኣፍ ሞት በጺሑ ዘሎ ህዝቢ ኣድሕና ተበራበራ

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትና
ኣሜን